## *ቃለ-መሕትት ምስ ተጋዳላይ ብጻይ ዩሱፍ ብርሃኑ፣*
## *ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ዝምድናታት፣*
## *ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ።*



***1. ድሕሪ ኣብ ጥቅምቲ ዝሓለፈ ዓመት ዘካየዶ ጉባኤ፣ መርበብ ሓበሬታት ብጠቐላላ፣ ብፍላይ ድማ ቶጎሩባ ኦርግ፣ ካብ'ቲ ቅድሚ ጉባኤ ዝነብሮ ንላዕሊ ኣዘውቲሮም ሓበሬታ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ክረኽቡ ተዓዚብና። ስለ'ዚ ሕጽር ዝበለ መብርሂ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ውድብኩም ምሃብካኖዶ?***

**ድሕሪ ጉባኤ ናህሪ ንጥፈታት ግሃድኤ ኣዚዩ ምዝያዱ ሓቂ'ዩ። ብፍላይ ድማ ክፍሊ ዜና ውድብ፣ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ብምቅላዕን፣ ናብ ህዝቢ ዝበጽሕ ኣገዳሲ ዜናታትን ኣዋጃትን ብምዝርጋሕን፣ ብኽልቲኡ ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብኛን ክነጥፍ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ንገዛእ ርእሱ ምልክት ውሽጣዊ ውድባዊ ጥዕና ዘመላኽት ምዃኑ ይሕብረና። ምኽንያቱ፣ ናብ ጉባኤ ንምብጻሕ ብዙሕ ውረድ ደይብ ዝነበሮ ጉዕዞ ከም ዝሐለፍና ዝሕባእ ጉዳይ ስለ ዘይኮነ'ዩ። እዚ ድማ፣ ኣብ ዉሽጣዊ ህይወት ዉድብ ዝኾነ ይዕበ ይንእስ ሽግር ምስ ዝፍጠር፣ ተላዚብካ ብህድኣት ክትሰግሮ ምፍታን ዝተመርጸ መንገዲ ምዃኑ ስለ ንኣምን'ዩ። እቲ ሽግር እንዳተረረ ምስ ዝኸይድ ከኣ፣ ብሓይሊ ክትፈትሖ ምፍታን ዘይኮነስ፣ ብህንጻ ሕጊ ተቐይድካ ብሓባር ምጕዓዝ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምኽታል እቲ ሓደ ኣማራጺ ምዃኑ ስለ ንቕበል'ዩ። በዚ ክትተዓጋገብ እንተ ዘይተኻኢሉ ከኣ፣ እግባይ ትብለሉ ዝለዓለ ውድባዊ መድርኽ ጉባኤ ስለ ዝኾነ፣ ኣብኡ ንምብጻሕ ፍቓደኛነትን ድልውነትን ክህልወካ ይግባእ ኢልና ስለ ንኣምነሉ'ዩ። ነዚ መንገዲ ተኸቲልና'ና ከኣ ናብ ጉባኤ ዝበጻሕና። ብምዃኑ ድማ፣ ካብ ኩሉ ኵርናዓት ዓለም ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመረጹ ወከልቲ ዝተሳተፍዎን፣ ኣብ ቅድሚ ጐረባብትናን፣ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራን፣ ኤርትራዊ ሓፈሻዊ ርእይቶን ተዓዋትነቱ ዘመስከረ ጉባኤ ኣካይድና። ግሉጽነትን ተሓታትነትን ዝሰፈኖ ኣገዳሲ ተረኽቦ ምንባሩ ድማ፣ ኣብኡ ዝተሳተፉ ተዓዘብትን ፈተዉትን ክሳብ ሕጂ ዝምስክርዎ ዘለዉ ሓቂ'ዩ። ካብ'ዚ ድማ ፕሮግራምና ኣሐዲስና፣ ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባትና ተሊምና፣ ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣስመራ ንጋላገለሉ ኣገባብ ቃልሲ ሓንጺጽና ተበጊስና። ውድብና ዝተበገሰሉ ድሕረ ባይታ እዚ ኮይኑ፣ ከም'ቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽክዎ ኣብ ዜናዊ መዳይ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ ፖለቲካውን፣ ዲፕሎማስያውን፣ ወተሃደራውን መዳያት'ዉን፣ ግሃድኤ ዓበይቲ ለውጥታት ከመዝግብ ክእሉ እዩ። ካብ ጉባኤ ቅሱን ዉሽጣዊ ህይወት ዘለዎ ዉድብ ስለ ዝሃነጽናን፣ ክንዲ ዓቕምና ክንዋሳእ ተበጊስና ምህላዉናን፣ ድሕነት ሃገር ልዕሊ ኩሉ ዝብል ዘልዓልናዮ ጭርሖ ዘረጋግጾን ዝምስክሮን ዘሎ ሓቂ'ዩ ክንብል ንደፍር። በዚ ኣጋጣሚ፣ መርበብ ሓበሬታ ተጎርባ፣ ብውድብና ዝዳሎ ጽሑፋት ይኹን ካልኦት ዉድባትን ዉልቀ ሰባትን፣ ሌላን ጐለላን ብዘይብሉ መንገዲ፣ ናብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም፣ እንኮላይ ናብ ደገፍቲ ህግድፍን መሰረታት ተቓውሞን፣ ሃገራዊ ተልእኾ ናብ ኩሎም ዘብጽሕን ንኹሎም ዘራኽብን ዘሎ ዘመናዊ ስልጡን መራኸቢ ክንጥቀመሉ ዕድል ምርካብና፣ በዚ ኣጋጣሚ ንኣማሓደርቲ መርበብ ተጎሩባ ወሰን ዘይብሉ ምስጋናይ ይብጻሕኩም ክብል ፍቐዱለይ።**

*2. ሕቶ፡- ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ውድብኩም ንበይኑ ይኹን ምስ ካልኦት ብምልፋን ምርኡይ ወተሃደራዊ ስርሒታት ከም ዘካየደ ይፍለጥ። እዚ ተረኽቦታት'ዚ ዘረጋገጾ ፖለቲካዊ ጽልዋ እንታይ'ዩ?*

ግሃድኤ ወታሃደራዊ ክንፊ ዘለዎ ዉድብ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ እዋን ሓሓሊፉ ክዝርጋሕ ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ኣዋጃት (በላቓት)፡ ብመርበብኩም ኣቢሉ ክይተረፈ ኩሉ ክከታተሎ ዝጸንሐ ምዕባሌ እዩ። እቲ ነንበይንና ክነካይዶ ዝጸናሕና ወተሃደራዊ ስርሒታት፡ ድሕሪ ገለ እዋን ናብ ዝማዕበለ ደረጃ ክም ዝሰጋገር ተገይሩ'ዩ። ካብ'ዚ ተበጊስና ድማ፡ ምስ ደሞክራስያዊ ዉድብ ዓፋር ቀይሕ ባሕሪ ብምልፋን፡ ሓባራዊ መጥቃዕትታት ኣብ ልዕሊ ስለያዊ ኣሃዱታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ክነካይድ ክኢልና። እዚ ድማ፡ እቲ ስርዓት ተቓውሞ የለን ክብል ጸኒሑ፡ በቲ ንሱ የለዉን ክብሎም ዝጸንሑ ሓይልታት መጥቃዕትታት ክወርዶ እንከሎ፡ ነቲ ስርዓት ዘርዕዶ ተግባራዊ መልሲ ካብ ምዃኑ ሓሊፉ፡ ህላወ ተቓወምቲ ሓይልታት ኣብ መሬት ኤርትራ እናስፋሕፈሐ ዝኸደሉ ደረጃ ተበጺሑ ከም ዘሎ ዝሕብር ኣገዳሲ ምልክት'ዩ። ኣብ ዉሽጢ ሃገር ዝነብር ህዝብና ከኣ፡ መቓልሕ ተቓዉሞ ንምክትታል ኣብ ፈነዋ ድምጺ ረድዮን ተለቪዥንን ምስማዕ ከይተወሰነ፡ ነብሱ ክከላኸል ዝኽእል ወተሃደራዊ ዓቕምታት ኣጥሪና፡ ነቲ ስርዓት ክነዳኽሞ ተበጊስና ምህላውና ክሰምዕን ክግንዘብን ምኽኣሉ፡ ካብ ጸቕጥን ራዕድን ዝናገፈሉ እዋን እናተቐረበ ይመጽእ ምህላዉ ዝሕብርን ዘመላኽትን ብምዃኑ፡ ንህዝብና ዘተባብዕን ዝተስፉን ሓድሽ መድረኻዊ ምዕባሌ ኮይኑ ንረኽቦ። እዚ ስርሒታት'ዚ ኣብ ቅድሚ ወጻኢ ሃገር ዘሎ ህዝብና፡ እንኮላይ ነቲ ስርዓት ብኽም'ዚ ኣገባብ ምግጣሙ ዝጻረርዎ ዝነበሩ'ዉን ከይተረፉ፡ ሎሚ ናይ ደገፍ ባይታኡ እናሰፍሐ ይመጽእ ምህላዉ ንግንዘብ።

*3. ወተሃደራዊ ክንፍታት ኩለን ውድባትን ንጥፈታቱን ኣብ ትሕቲ ሓደ ወተሃደራዊ እዚ ከም ዝጥርነፍ ንምግባር እንታይ ይግበር ኣሎ?*

እዚ ኣገዳሲ ማእከላዊ ሕቶ'ዩ። ኣቐዲመ፡ ግሃድኤን ካልኦት ወታሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ዉድባትን፡ ብሓባር ዘይሰርሓሉ ምኽንያት ከቶ የለን ዝብል ጽኑዕ እምንቶ ውድብና ምዃኑ ክሕብር እፈቱ። ኩለን እተን ወታሃደራዊ ክንፍታት ዘለወን ዉድባት፡ ኣብ ክንዲ ብተናጸል ብሓባር ምስ ዝዋፈራ፡ ብኽንድኡ ዝዓቢ ስምብራት ዝሓድግ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ከመዝግባ ጸገም ዘለወን ኣይመስለንን። ኣብዝሐ ሰልፍታት ደኣ'ምበር፡ ኣብዝሐ ሰራዊት ክህሉ የብሉን ካብ ዝብል ነባሪ እምንቶ ውድብና ተበጊስና ድማ፡ ወታሃደራዊ ክንፍታት ኣብ ትሕቲ ሓንቲ ሽማግለ ተጠርኒፈን ክመሓደራ ዝብል ርእይቶና፡ ናብ ኩለን ኣሕዋት ዉድባት ኣቕሪብናዮ ኣሎና። እዚ ካብ ኩሉ ተቐባልነት ረኺቡ ምስ ዝዕወት ከኣ፡ ኩሉ ወተሃደራዊ ክንፍታት ኣብ ትሕቲ ቻርተር ኪዳን ተቐይዱን፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ምምሕዳር ኮይኑን፡ ብሓደ ናይ ሓባር ስትራተጂ ዝምራሕ ክኸዉን'ዩ። ኮይኑ ግን፡ እዚ ጌና ኣብ መስርሕ ዘሎ ጉዳይ ስለ ዝኾነ፡ ስጋብ ኣብ መዕለቢኡ ዝበጽሕ ካብ'ዚ ንላዕሊ ክብሎ ዝደሊ የብለይን።

*4. ኣብ መርበብ ሓበሬታን ካልኦት መደበራት ዜናን ብዛዕባ ከመይነት ዝሓሸ ኣገማጥማ ገዛኢ ስርዓት ርሱን ክትዕ ይካየድ ምህላዉ ንፈልጥ ኢና። ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኣገባብ ቃልሲ ብሓብር ክካይዱ ዝመረጹ ወገናት ብምህላዎም ምኽንያት ጥራሕ፡ ካልኦት ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ክካይዱ ዝመረጹ ከም ዘለዉ ንግንዘብ። ሕቶይ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ንስርዓት ብዝተወሃሃደ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ኣገባብ ክገጥሞ ክኽእል ምእንቲ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ከመይ ክፍታሕ'ዩ?*

ነዚ ሕቶ'ዚ ቅድሚ ምምላሸይ፡ ሓደ ጉዳይ ከብርህ እፈቱ። ግሃድኤ ከም ኣባል ኤዲኪ መጠን፡ ብቻርተሩ ተማእዚዙ ዝቃለስ ዘሎ ሃገራዊ ዉድብ'ዩ። ስርዓት ኣስመራ ንምዉዳቕ ኣብ ዝካየድ ቃልሲ፡ እቲ ቻርተር ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም ዝብል ሓባራዊ ስምምዕ ኣቐሚጡ ክሳብ ዝሃለወ፡ ኣየናይ ኣገባብ ቃልሲ ይምረጽ ንዝብል ሕቶ፡ ነጻ ውሳኔን ሓላፍነትን ነፍሲ ወከፍ ኣባል ውድብ ምዃኑ ከም ዉሁብ ጌርና ክንወስዶ ዘለና'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ንምውዳቕ "ኩሉ ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም" ዝብል ኣብ ቻርተር ኪዳነ ሰፊሩ ዘሎ ኣምር ንባዕሉ፡ ኣየናይ ውድብ እንታይ ዓይነት ቃልሲ ይኽተል ብዘየገድስ፡ ነንሕድሕዱ ክከባበርን ክመላላእን ዘለዎ ደኣ'ምበር፡ እቲ ሓደ ካብ'ቲ ሓደ ዝተፈልየ ኣገባብ

ቃልሲ ብምምራጹ ምኽንያት፡ ነንሕድሕዱ ክተሃራረምን ክኣነንን ዘፍቅድ ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ፡ እቲ ኣብ ዉሽጢ ኪዳን ዓብይ ፍልልይ ከም ዘሎ ንምምሳል፡ ብሰላማዊ ኣገባብዶ ጎነጻዊ ብዝብል ዝቐርብ ዘሎ መናፍሓት፡ በዚ ኣቢልካ ድማ ወድዓዊ ዘይኮነን ዝተፈብረኸን ነጥበ ፍልልይ ምልዓል፡ ከቶ ፋይዳ ዘይብሉን ግዚኡ ዝበልዐን ሕቶ ኮይኑ እረኽቦ። ክንዲ ዝኾነ፡ ካብ'ዚ ወድዓዊ ዘይኮነ ፍልልይ ተበጊሱ፡ ሓደ ሸነኽ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ክሲ ክውርውር ፈጺሙ ምኽኑይ ኣይኮነን። የግዳስ እቲ ቻርተር ካብ ፈቐዶ፡ ክልቲኡ ኣገባብ ጎድኒ ንጎድኒ ክሰርሕ ከም ዝኽእል ኣሚንና፡ ኣብ ካልእ ዓበይቲ ስትራተጂካዊ ጉዳያት እንተ ኣተኲርና'ዩ ዝሓይሽ እብል።

ሓደ ካብ'ቲ ብግሉጽነት ክንማየጠሉ ዝግባእ ቀንዲ ጉዳይ፡ ብሰላማዊ ኣገባብዶ ጎነጻዊ ዘይኮነስ፡ እተን ወተሃደራዊ ክንፍታት ዝውንና ዉድባት ናተይ ናትካ ከይበላ፡ ነቲ ወታሃደራዊ ምምሕዳር ዝጥርንፍ ሓደ ኣካል ኣቚመን ሓባራዊ ስራሕቲ ከካይዳ ምእንቲ፡ ብኹሉ ሸነኽ ጸቕጢ ክግበረለን ሃናጽን ወድዓዊን ምኺኑ'ዩ። ምስ'ዚ፡ እዚ ስርዓት'ዚ ኣብ ዝወድቀሉ ግዜ፡ ነናትካ ወታሃደራዊ ክንፍታት ሒዝካ ምጽናሕ፡ ናቱ ሓደጋታት ክህልዎ ከም ዝኽእል ኣብ ግምት ምውሳድ፡ ነዚ መንገዲ ጸሪግካሉ ምጽናሕን፡ ብወድዕነትን ዓብዪ ሓላፍነትን ክምዘን ዘለዎን ኣገዳሲ ኣምር ኮይኑ ይረኣየኒ። ኤዲኪ ነዚ ጉዳይ'ዚ ዓብይ ቆላሕታ ክህቦ ድማ፡ ሓደ ካብ'ቲ ቀንዲ ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ ጉዳያት እዩ።

ኣብ'ዚ ንእግረ መንገደይ ከብርሆ ዝደሊ ሓደ ጉዳይ ኣሎ። እዚ ድማ፡ ምስ'ዚ ዝተኣሳሰር፡ ነቲ ሰላማዊ ኣገባብ ጎንጺ ክትሕውሰሉ ንምንታይ ኣድለየ ዝብል ሕቶ ክለዓል ምጽንሑ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ድሕሪ ናይ 30 ዓመት ዝኸፈልናዮ ከቢድ መስዋእቲ፡ ተመሊስና ናብ ምድማይ ክንኣቱ ዝከኣል ኣይኮነን፡ ህዝብና'ውን ክጸሮ ኣይክእልን'ዩ...ወዘተ ዝብሉ ርእይቶታት ካብ'ዝን ካብ'ትን ክቀላቐሉ ጸኒሖምን ኣለዉን። ኮይኑ ግን፡ ሰላማዊ ኣገባብ ን16 ዓመታት ዝኣክል ተፈቲኑ ሰማዒ እዝኒ ካብ ዘይረኸበ፡ ጎነጻዊ ኣገባብ ንሓውሰሉ ኣብ ዝብል መደምደምታ ክንበጽሕ ዘገደደና ቀንዲ ምኽንያት፡ ሓላፍነቱ ዝስከም እቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምዃኑ ንኹሉ ርዱእ ክኸዉን ይግባእ። እንተ ብዛዕባ'ቲ ንብዓት ሓርገጽ ዝፈሰሉ ዘሎ ምድማይ ዝበሃል ግን፡ ኣሃዱታትና ወሰን ኢለን ኣንጻር ወታሃደራት ስርዓት ኤርትራ ዘቕንያኦ ብረት ከም ዘይብለን ከረጋግጽ እፈቱ። ኣብ'ቲ ነብስና ንምክልኻል ነካይዶ ዕጥቃዊ ምርጻማት፡ ካብ ክልትኡ ሸነኻት ዝስዉኡ፡ ዝቖስሉ፡ ዝማረኹ ክርከቡ ግን ባህርያዊ'ዩ። ንምሳሌ ኣብ ዝሓለፉ እዋናት ካብ ዝተኻየዱ ግጥምያታት፡ ካብ ወታሃደራት ስርዓት ኤርትራ ብኣሃዱታት ግሃድኤ ዝተማረኹ ወተሃደራት ነይሮም እዮም። ነዚኣቶም ሰብኣዊ መሰሎምን ክብሮምን ሓሊና፡ ምርጮኦም ኣኽቢርና፡ ንሓለፍቲ ቀይሕ መስቀል ብምርካብ፡ ብሰላም ኣፋኒናዮም ኢና። እዚ ከኣ'ዩ ነሩ እቲ ክንክተሎ ዝጸናሕና መርገጽ ዉድብና። ኣብ ዝመጽእ ተመሳሳሊ ኣጋጣምታት'ውን ንኽተሎ መንገዲ ንሱ ምዃኑ ከረጋግጽ እፈቱ። ብኣንጻሩ ብዛዕባ'ቶም ሰለስተ ኣብ ዓዉደ ኵናት ተማሪኾም፡ ኣብ ኢድ ስርዓት ኤርትራ ተታሒዞም ዝርከቡ ዘለዉ ተጋደልቲ ግሃድኤ፡ ክሳብ ሎሚ ደሃዮም ክንረክብ ስለ ዘይከኣልና፡ ናብ ዓለም ቀይሕ መስቀል ዘቕረብናዮ ጠለብ በቲ ስርዓት ጸማም እዝኒ ተዋሂብዎ ኣሎ። እዚ ኣብ ላዕሊ ከም ኣብነት ቀሪቡ ዘሎ ጉዳይ ምሩኻትና፡ ንፍርዲ ኣንበብትን ተዓዘብትን ንሓድጎ።

## *5. ኣብ'ዚ ቅንያት'ዚ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዑደት ተካይድ ከም ዘለኻ እፈልጥ'የ። ኣብ ቀረባ እዋን ስዊዘርላንድ በጺሕካ ከም ተመለስካ'ውን ሓበሬታ ኣሎኒ። እቶም ዝረኸብካዮም ሰበ ስልጣን ብዛዕባ ኩነታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ብዓብይኡ ድማ ኣብ ተቓውሞ ዘለዎም ርእይቶ ከመይ ትመዝኖ?*

ድሕሪ ጉባኤና፡ ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ ሰፊሕ ዑደት ከነካይድ ጸኒሕናን ኣለናን። ዳርጋ ኣብ ምሉእ ሃገራት ኤውሮጳ ብጽሖት ኣካይድና፡ እቲ ተሪፉና ዘሎ ብሕጂ ንምስልሳሉ ዝቕጽል ዘሎ ዕማም'ዩ። ኩለን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኤርትራ ኣሉታዊ መርገጽ ከም ዘለወን ይገልጻ እየን። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት ዲክታቶርያዊ ምዃኑ'ውን ይኣምና እየን። እቲ ናይ እገዳ ውሳኔ ብቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ምስ ጸደቐ፡ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኤውሮጳዊ ማሕበር (European Union)፡ ነቲ ውሳኔ ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብ ተግባር ከውዕልኦ ምእንቲ፡ ናብ ኩለን መንግስታት ኣባላት ሃገራት ኤውሮጳዊ ሕብረት መምርሒ ኣመሓላልፎም እዮም። ብኡ መሰረት ዳርጋ ኩለን መንግስታት ኣብ ተግባር የውዕልኦ ከም ዘለዋ ዝሕብር፡ ካብ'ተን ዝበጻሕክወን ሃገራት ክረጋግጽ ክኢለ ኣሎኹ።

ኣብ ዝገበርናዮ ርኽክብ፡ ኣብ ኤርትራ ለውጢ ክመጽእ ኩሉ ሽነኻት ዝሰማማዓሉ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ሃገሩ ለውጢ ንምምጻእ ብቐዳምነት ሓላፍነት ዘለዎ ህዝቢ ኤርትራ ብምዃኑ፡ ካብ ወጻኢ መጺኡ ለውጢ ዘምጽኣልና ክንጽበ ሃገራዊ ሕልናና ዝፍቅዶ ከም ዘይኮነ ኣነጺርና። እዚ ብግሃድኤ ዝግበር ዘሎ ዲፕሎማስያዊ ወፈራ፡ ንውድብና ጥራሕ መኸሰባት ክንረኽበሉ ንገብሮ ዘለና ዘይኮነስ፡ ኣብ ክሊ'ቲ ናይ ኤዲኪ ስትራተጂ ዝካየድ ዘሎ ዕማምን፡ ምስኡ ዝተዛመደ መርገጻት ዝገልጽን ምዃኑ፡ በዚ ኣጋጣሚ ከብርህ እፈቱ። ኩለን ኣብ ትሕቲ ጽላል ኤዲኪ ዝዋስኣ ዘለዋ ተቓወምቲ ዉድባት ሓደ ገጽን ትሕዝቶን ኣቀራርባን ሒዘን ክምክታ ምስ ዝበቕዓ፡ ፖለቲካዊን ዲፕሎማስያዊ ተፈላጥነት ካብ ሕብረተሰብ ዓለም ረኺበን ናብ ዝንበብ ቊጽሪ ብምድያብ፡ ኣማስያኡ መንግስቲ ተካኢ ንዝብል ሕቶ ተግባራዊ መልሲ ክህባሉ ይኽእላ'የን። እዚ ብወጻኢ ጉዳይ ቤት ጽሕፈት ግሃድኤ ዝካየድ ዘሎ ናብ'ዚ መንገዲ'ዚ ንምምራሕ ዝዓለመ'ዩ።

*6. ስውዊዘርላንድ ሓንቲ ካብ'ተን ቀዳሞት ውሳኔ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ሕቡራት መንግስታት ኣብ ተግባር ንምውዓል ዝወሰና ሃገራት ምዃና እፈልጥ'የ። እቲ ስርዓትን ሰበ ስልጣናቱን ምናልባት ኣብ'ዚ ዘቐመጥዎ ገንዘብ ክህሉ ስለ ዝኽእል ኣዚዩ ኣገዳሲ'ዩ። ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሰበ ስልጣን ጀነቫ ተዘራሪብኩሙሉዶ?*

ኣብ'ዚ ቀረባ መዓልታት ኣብ ሃገር ስዊስ ዘካየድክዎ ዑደት ብጣዕሚ ፍረ ዘለዎ ኮይኑ ረኺበዮ። መርገጽ መንግስቲ ስዊዘርላንድ፡ ካብ'ተን ካልኦት መንግስታት ኤውሮጳ ዝፍለ ኣይኮነን። እቲ እገዳ ብቕጽበት ኣብ ተግባር ከም ዘውዓልዎ ይሕብሩ እዮም። ስርዓት ኤርትራ ኣብ ስዊስ ገንዘብ ይኹን ንብረት ይሃልዎ ኣይሃልዎ ብዘየገድስ፡ ምስ ዘይምልከቶም ኣካላት መንግስቲ ብዛዕብኡ ምዝራብ፡ ብሕጋዊ ሸነኻቱ ዘተሓተት ኮይኑ ስለ ዝረኸብክዎ፡ ዲፕሎማስያዊ ስነ-ምግባር Professional Ethic ምሕላዉ መሪጸ። ነቲ እገዳ ካብ ተግበርዎ ግን፡ ብርግጽ ነቲ ቅሙጥ ንብረትን ገንዘብን ማእከሉ ዝገበረ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ሕቶ ከም ምሉሽ ገርካ ክቑጸር ዝከኣል'ዩ።

*7. ውሳኔ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ብሸነኽ ኤርትራውያን እንታይ ይግበር ኣሎ?*

ነዚ ጉዳይ ብዝምልከት፡ ምስ'ታ ቤት ምኽሪ ጸጥታ ዘቕማ ናይ ምክትታል ሽማግለ ብደረጃ ኪዳን ግዜ ከይወሰድካ ርኽክብ ክግበር ይግባእ። ነዚ ስርዓት ከዳኽሞ ዝኽእል ይዕበ ይንኣስ ሓበሬታ ምስናቓ'ውን ኣገዳሲ'ዩ እብል። ኣብ ምቕጻል ናይ'ዚ ስርዓት ጥቕሚ ዘይብሉ ወዲ ሃገር ኩሉ፡ ምስ'ታ ሽማግለ ርኽክብ ክገብር'ውን ኣገዳሲ'ዩ። እዚ ሓላፍነት'ዚ ኣብ'ተን ውድባት ጥራሕ ተወሲኑ ዝተርፍ ክኸውን የብሉን። ክሳብ ሕጂ ብዛዕባ ሃለዋት ናይ'ታ ሽማግለ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ግን የልቦን።

*8. ኣብ ጀነቫ ንሰበ ስልጣን ላዕለዋይ ኮሚሽን ስደተኛታት ከም ዝተራኸብካ ሓበሬታ ኣሎኒ። ኤርትራዊ ስደተኛ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ዘሕልፎ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት ከመይ ይርእይዎ? ንኣብነት ብዛዕባ'ቲ ብዘሰክፍ ዋሕዚ ዝሰደድ ዘሎ መንእሰይን ዘጋጥሞ ዘሎ ሓደጋታትን ኣልዒልካሎምዶ?*

እወ ምስ ላዕለዎት ሰብ መዚ ተራኺበ። ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ብውድብና ዝቐረበሎም መዘከር፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ ነጥብታት ዝጠቓለል እዩ፡ ንሱ ከኣ፡-

- ኣብ ልዕሊ'ቲ ካብ ሃገሩ ሃዲሙ ኣብ ካልካይ ሳልሳይ ሃገር ዑቕባ ንምሕታት ንዕርበቱ ዝጠፍእ ዘሎ ህዝብና፡ ብፍላይ ድማ መንእሰያትና፡ ዝፍጸም ዘሎ ዘይሰብኣዊ ተግባራት…ንምሳሌ ኣብ ሊብያ ከምኡ'ዉን ኣብ ግብጺ…ወዘተ፡ ዝምልከቶ ኣካል UNHCR ዝለዓለ ተገዳስነትን ቆላሕታን ክገበረሉ ምሕጽንታና ኣቕርብና።
- ኣብ ሱዳን ኮነ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ፈቐዶ መዓስከራት ንዘለው ስደተኛታት ግቡእ ክንክን ክግበረሎም፡ ከምኡ'ዉን ትምህርታውን ሕክምናውን ደገፍ ክፍለዮም ከም ዘይብሉን ኣገንዚብና።
- እቶም ነባራት ስደተኛታት ኣባላት ጀብሃ እዮም ተባሂሎም፡ ብስርዓት ኤርትራ ንዓዶም ከይምለሱ ዝተኸልከሉ፡ ኣብ ዕለታዊ መናባብሮኦም ግቡእ ቆላሕታ ክግበረሎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡

ሕጋዊ ሽነኻት ናይ'ቲ ሕጂ ኣብ ሱዳን ዝርከቡሉ ዘለዉ መንነት ስደተኛነት ንምትዕርራይ፡ ሓደ ካብ'ቲ UNHCR ክወስድ ዘለዎ ስጉምቲ ምዃኑ ኣመልኪትና።

ድሕሪ "ነጻነት ኤርትራ" ኣብ ደገ ዝነበረ ስደተኛ ንሃገር ኣትዩ ክጣየስ ዝነበረ ትጽቢት በኒኑ፡ ካብ'ቲ ግዜ ስሳታት ንላዕሊ መንገዲ ስደትን ንወጻኢ ምህዳምን ዝረአ ዘሎ ማዕበል ስደተኛታት ብጣዕሚ ከም ዘሕዝኖም ይገልጹ። ኣብ መወዳእታ እቲ ርኽክብ ግሉጽነት ዝመልኦ ምንባሩን፡ ህዝብና ዝጣበቑሉ ዋናታት ከም ዘለውዎ ዘስምዕ መልእኽቲ ምሕላፍናን፡ ብኸም'ዚ ተቐባልነት ምርካቡን፡ ብጣዕሚ ደስ ዘብልን ዘኹርዕን ጉዳይ ኣብ ልዕሊ ምንባሩ፡ ቃልስና ቅኑዕ መንገዲ ሒዙ ይኻዓዝ ከምዘሎ ዝሕብር ኣብነት'ዩ።

*9. ካብ ገለ ግዝያት ኣትሒዙ ኤደኪ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ንምክያድ ኣብ መስርሕ ምድላው ተጸሚዱ ይርከብ ኣሎ። ይኹን'ምበር፡ እዚ ተረኺቦ'ዚ ኣብ መርበብ ሓበሬታታትን ፓልቶካትን ብዙሕ ክትዓት ኣሳዊሩ ይርከብ። ዕማም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣብ ፖሎቲካ ናይ ምውሳን ስልጣን ዘይብሉ፡ ዝያዳ ኣብ ተክኒካዊ ጉዳያት ዝተሓጽረ ምዃኑ እናተፈልጠ እንክሎ፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?*

እዚ ሕቶ ምልዓልካ ኣዝየ ከመስግነካ እፈቱ። እዚ ኣርእስቲ ብዙሕ ዘካትዕ ዘሎ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ዝተፋላለየ መርበብ እንተርነት ኣብ ምቅብባል መልስን ተጻይ መልስን ብምስጋር፡ ኣሉታዊ መልክዕ ሒዙ ዝጐዓዝ ዘሎ ይመስል። እዚ ተስፋ ተነቢሩሉ ዘሎ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለዉጢ፡ በርገሳዊ ማሕበራት ዝሳተፈኦ ኮይኑ፡ ናይ ምድላዉ ሓላፍነት ተሸኪሙ ዘሎ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን እዩ። ከም ጽንሰ ሓሳብ ካብ ዝዓኩኽን ክትዓት ዝካየደሉን ጥራሕ ኣስታት ዓሰርተ ዓመታት ገይሩ ከም ዘሎ ኩላትና ንዝክሮ ጉዳይ'ዩ። ድሕሪ ነዊሕ ጻዕሪ ካብ ጥንሲ ኣብ ኣፍደገ ብርሃን በጺሑ ኣብ ዝርከበሉ ዘሎ ወቕቲ፡ ኣብ ክንዲ ካብ ጸቢብ ሒሳባትካ ተበጊስካ፡ "ኣብ ምትእምማን ዘይብሉ ኪዳን ዝካየድ ዋዕላ ክዕወት ኣይክእልን'ዩ"፡ ብዝብል ምስምስ ንምትዕንቓፉ ምጕያይ፡ መጋባእያ አሕዋት ከም ምዃኑ መጠን፡ ዝያዳ ከነተባብዖ'ዩ ዝግበኣና። ኣብ ክንዲ ኣብ ልዕሊ ሓዊ መሊስካ ሓዊ ምስዋር፡ ነቲ ሓዊ ምህድኡን ምድባኑን እቲ ዝምረጽ ለባም ኣገባብ ኮይኑ'ዩ ዝረኣየኒ። ነዚ ንምዕዋት ናይ ኩላትና ደለይቲ ሰላምን ዲሞክራስን ሓላፍነት ኮይኑ'ዉን ይስመዓኒ። ከም'ቲ ኣቐድም ኣቢለ ዝገለጽክዎ፡ ውጽኢቱ ብዘየገድስ ነዚ ዋዕላ ሓላፍነት ተሸኪሙ ዘዳልዎ ዘሎ ኣካል ኤዲኪ ካብ ኮነ፡ ዝኾነ ዉድብ ዘለዎ ትዕዝብቶታትን ቅሬታታትን ከልዕል መሰሉ'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ኣቓቑማ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ይኹን ካሊእ ጉዳያት ዝፍጠር ዘይዕግበታት ምእላይን ምሕካምን፡ ኣብ ክሊ ኪዳን ተሓጺሩ ብልዝብ ዝፍታሕ ክኸውን ነይርዎ ዝብል ዕግበት'ዩ ክሃልወና ዝግባእ።

*10. ዋዕላ ከዐውቶም ትጽቢት ዝግበረሎም ዘለዉ ኣገደስቲ ዕላማታት ኣየኖት እዮም?*

ዋዕላ ዝብል ኣርእስቲ ኣዝዩ ሰፊሕ ትርጉም ዘለዎ ጉዳይ እዩ። ስለዝኾነ ነቲ ዕማም በቲ ዝተሓተ ትርጕሙ ምጅማሩ ወድዓዊ ይመስለኒ። ብቐዳምነት፡ እዚ ሕጂ ብኤዲኪ ኣብ ምድላው ዝርከብ ዘሎ ዋዕላ፡ እምነ ኵርናዕን መፈለምታዊ ስዳሮም ናይ'ቶም ብሕጂ ዝስዕቡ ዋዕላታት ደኣ'ምበር፡ ናይ መጀመርታን መወዳእታን ዕማም ከም ዘይኮነ ክበርህ ይግባእ። ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ሕብረተሰብና ዘሪእዎ ዝሓለፈ አእሻኹን ማሕበራዊ ሕማማትን ካብ ሱሩ ንምእላይ፡ ኣብ ሓደ ዋዕላ ተዛቲኻ ዝድምደም ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ፡ ምስ ኩሉ ከጋጥመና ዝኽእል ጸገማት ነዛ ቀዳመይቲ ንቕሎ ኣዐዊትና እና፡ ኣብ'ቲ ድሒሩ ዝስዕብ ዋዕላታት ዝያዳ ብምድላው፡ ነዚ ዓብይ ሃገራዊ ዕማም ብዝተማለአን ዝተጸንዐን መንገዲ ከነታትዮ ንኽእል። እዚ ሕጂ ዘሳሓሕብ ዘሎ ጉዳይ፡ እቲ ናይ ለውጢ መሳርሒ (Mechanism) ኣጸቢቑ ስለ ዘይተነጸረ'ዩ እንተዳኣ ክንብል ኮና፡ ኣብ'ቲ ዝስዕብ ዋዕላ ክማላእ ዝኽእል ጉዳይ ምዃኑ ብምግንዛብን፡ ብሓደ ርእይቶ ንወጻሉ ዕድል ኣብ ቅድመና ከም ዘሎ ኣለሊናን፡ ነቲ ዋዕላ በዚ ሃናጺ መንፈስ ክንሳተፎ ጥራሕ'የ ለበዋይ ክህብ ዝኽእል።

***11. ዋዕላ ክካየድ ምኽኣ ዘሎ ምናልባትነት ከም ውሁብ ወሲድና፡ ኣብ መስርሕ ምድላው ዋዕላ ይኹን ምግባኡ፡ ውድብኩም ዘበርክቶ ግደ ከመይ ይመስል?***

ግሃድኤ ነዚ ዋዕላ ንምዕዋት ዝለዓለ ጻዕሪ ካብ ምክያድ ድሕር ዝብለሉ ምኽንያት የብሉን። ምስ ኩለን ኣሕዋት ውድባትን ኣባላት በርገሳዊ ማሕበራትን ሓሳብ ንሓሳብ ተላዋዊጥካ ዝግበር ግዙፍ ዕማም ምኻኑ ይኣምን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ብደረጃ መሪሕነትን ካድራትን ኣባላትን ውድብ፡ ነዚ ዝግበር ዘሎ ምድላዋት ምሉእ ደገፍን ምትብባዕን ይግበረሉ ኣሎ። ብግሃድኤ ዝተዳለዉ ሃነጽቲ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣብ'ዚ ዋዕላ'ዚ ካብ ምቕራብ ዓዲ ከም ዘይንውዕል ድማ፡ በዚ ኣገጣሚ ከረጋግጽ እፈቱ።

***12. ኣብ መወዳእታ ክሓትት እንተ ኣፍቂድካለይ፡ ዝስዕቡ ውጥናትኩም እንታይ ምኻኖም ምሓበርካኒዶ?***

ቀንዲ ዕላማና፡ ቅሳነት ህዝብና ከም ሕሱም ሃዊኹ ንኈረባብትና ከይተረፈ ሰላም ከሊኡ ዘሎ ግናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ፡ ካብ ሱር ሰራውሩ ፈናቒልካ ብምልጋስ፡ ደሞክራስያዊ መተካእታ ምምስራት'ዩ። ንኢሳያስ ኣልጊስካ ካልኣይ ገጽ ህግደፍ ብምትካእ ዳግማይ ገበን ከይፍጸም ድማ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሓቀኛታት ወከልቱ ኣጸቢቑ ከለሊ ምእንቲ ወፈራና ቀጻሊ'ዩ። ምስ ኣብ ከባቢና ዘለዋን ካብኡ ርሒቖን ዝርከባን መንግስታት ዓለም ድማ፡ ጥዑይ ዝምድናታት ንምፍጣር ካብ'ቲ ነካይዶ ቀጻሊ ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ክኸውን'ዩ። ምስ ኩለን ኣብ ትሕቲ ኤዲኪ ኣጽሊለን ዝርከባ ኣሕዋት ውድባት ጽቡቕ ዝምድና ምጥራይ፡ ቀዳማይ ቦታ ዝስራዕ ኣጀንዳ ዉድብና'ዩ። ከምእ'ዉን ኣዎንታዊ ግደን ተራን በርገሳዊ ማሕበራት ክህሉ ምትብባዕ ሓደ ካብቲ ኣቓልቦ ንህበሉ ጉዳይ'ዩ።

የቐንየለይ